ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ(ግቢ ውሽጢ)ኣብ ዘለዉ ስቶራት ዝርከቡን ግልጋሎት ዘይህቡን ዝተፈላለዩ ቀወምትን ሃለቕትን ንብረታት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ሕዳር 12, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 24, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓኒ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 24, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ምልክታ ፕሮፎርማ ዝውገድ ንብርት ቑፅሪ 01/2017 ዓ/ም

ቑፅሪ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/276/ 01

ዕለት 10/03/2017 ዓ/ም

ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ኣብ ውሽጡ(ግቢ ውሽጢ)ኣብ ዘለዉ ስቶራት ዝርከቡን ግልጋሎት ዘይህቡን ዝተፈላለዩ ቀወምትን ሃለቕትን ንብረታት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

በዚ መሰረት እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ኣማሊእኹም ክትወዳደሩ እትደልዩ ተጫረቲ ምውድዳር ትኽእሉ ምዃንኩም ንሕብር።

መምርሒ ተወዳደርቲ /ተጫረቲ/

1) ተጫረቲ ናይቲ ዝሸየጥ ዝርዝር ንብረት ሰነድ ፕሮፎርማ ዘይምለስ 50 ብር( ሓምሳ ብር ) ብምኽፋል ካብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ዳ/ዕ/ፋ/ን/ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 08 ካብ ዕለት 10/03/2017 ዓ/ም ጀሚርኩም ክሳብ ዕለት 23/03/2017 ዓ/ም ኩሉ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት መፂእኹም ክትወስዱ ትኽእሉ ።

2 ) እቲ ፕሮፎርማ ጨረታ ዕለት 24/03/2017 ዓ/ም ቅድሚ ቐትሪ ልክዕ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ልክዕ ሰዓት 4:00 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ይኸፈት። ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ግን እቲ ጨረታ ኣይተኣጓጎልን ።

3) ኣብ ሰነድ ጨረታ መሊእኹም እተእትውዎ መወዳደሪ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉን ብግልፂ ዝንበብን ክኸውን ኣለዎ ።

4 ) ተጫረቲ ናይ ጨረታ መኸበሪ ዋጋ ብር 5000( ሓሙሽተ ሽሕ ብር) ብጥረ ገንዘብ ክተትሕዙ ኣለኩም።

5)ተጫረቲ ናይቲ ዝወዳደሩለ ንብረት ኩነታት ብኣካል ብምርኣይን ግልፂ ዘይኮነሎም እንተሃልዩ ድማ ንዝምልከቶ ብዓል ሞያ ንብረት ክፍሊ ብምሕታትን ኣረጋጊፆም ዋጋ መሊኦም ብዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ከእትዉ ኣለዎም።

6)ኣብዚ ፕሮፎርማ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተጫራቲ ሰዓራይ ምዃኑ ብደብዳበ ካብ ዝተገለፀለ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይቲ ዝሰዓሮ ንብረት ገንዘብ ኣታዊ ብምግባር ብናይ ባዕሉ መጉዓዝያ የልዕል ፤ ኣብቲ ዝተጠቐሰ እዋን እንተዘይ ኣልዒሉ ግን ዘትሓዞ መኽበሪ ጨረታ ዝውረስ ይኸውን ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

7) ኮሌጅና ዝሓሸ መማረዒ እንተረኺቡ እዚ ፕሮፎርማ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

8) ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-44-40-45-92 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle